# “ሓደ ዘመን፡ኣብ ታሪኽ መዝገበ-ቓላት ትግርኛ” -ካልኣይ ክፋል

======/////=====//////======//////======

ክቡራትን ክቡራንን፣ከመይ ትኾኑ ፀጋ ጥዕናኹም ክብል እፈቱ።ሰላምን ቕሳነትን ዘለዎ መዓልታዊ ሕይወት ፈጣሪ ክምጥወና ድማ ተስፋይ ዝዓዘዘ'ዩ።በሉ እምበኣር፣ንሎሚ ሒዘልኹም ዘለኹም ዛዕባ ካብ ኣርእስቱ ተረዲኢኹም ክኸውን ተስፋ እገብር።ብዛዕባ መዝገበ-ቃላት፣ኣብ መዳይ ቋንቋ ትግርኛ ዘድሃበ ምኳኑ ኣይትስሕትዎን እብል መሸም!፤

እሞ ደኣ ቕድሚ 3 ዓመት ኣቢሉ ማለት ኣብ ወርሒ መጋቢት 2018 ዓ/ም/ፈ፣ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ኣተኹረ ብፍላይ ድማ ኣብ ታሪኽ፣ሙዚቃን ቋንቋን ዝዓብለሎ ትሕዝቶ ዘለዎም ጽሑፋት-ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ኤቕርብ ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፣ሃንደበት ምኽንያቱ ከይነገሩኻ ዝህቡኻ ዝነበሩ ኣገልግሎት ዘቋርፁ ትካላት/ባእታታት ኣሎዉ'ዮም።

ሓንቲ ካብ'ዞም ማዕከናት ዜና ዝኾነት ድማ መርበብ ሓበሬታ ዓይጋፎረም ትበሃል እያ።ነቲ ዝሃበትኒ ኣገልግሎት እናመሥገንኹ፣ኣብ መንጎ ግን ማዕፆ መስኮታ ሾጒራትለይ'ያ።እቲ ምኽንያት ኸኣ ብግሉጽ ቋንቋ እኺ ተዘይተነገረኒ ብፖለቲካዊ ኣቋመይን እምነተይን ኣድሂበ ብዝጽሕፎ ዝዓለመ ምኳኑ ግን ኣይስሕቶን'የ።

እዚ ርዱእ ሕምብርተ-ትርኢታዊ ካብ ተጓንፎታት ሓደ ኢዩ።ንኣመሓዳሪ እቲ መርበብ ሓበሬታ'ውን ምኽንያቱ ክገልጸለይ-ጌጋ ተለኒ ክእረምን ንዝጽሕፎ ጽሑፍ ድማ ምሉእ ሓላፍነት ዝወስድ ሰብ ምኳነይ ሓቢረዮ እየ።ኣቐዲመ ፖሊስኩምን ኢዲቶርያል ቦርድኩም ዝሓንጸጾ ሕንጻጻት-ኣፍልጡኒ እሞ በቲ ዝኣመንኽሉ ሣውያ ክጽሕፍ ኢለ ድማ ምሕታት ልምዲ ስለ ዘለኒ-ተወኺሰን ምንባረይ እዝኽር'የ።

እንተኾነ ክሳዕ እዛ ዕለት ዝተውሃበኒ ምኽኒያት ብዘይምህላው ነቲ ርድኢተይን ሓሳበይን ክድርዖ ይቕሰብ ኣሎኹ።እቶም ገሊኦም ጋዜጠኛታትን ጸሓፍትን ኮነ ካድራትን ይምልከተና ኢዩ በሃልቲ ኣባላት ጸጥታን ድማ “እዚ ንእገለ ኣይድግፍን'ዩ።እዚ ጽሑፍዎ ዘሎ እኮ ብንጽሩን ብቕኔን ንእገለ ንምውቃዕ ዝዓለመ ኢዩ።”-እናበሉ ካብ ዝተፈላለዩ ማዕኸናት ዜና ዝወሃበኒ ዝነበረ ዕድል ክንፈገኒ ብምግባሮም-እዚ'ው ንዑዑ ዝተኾልኾለ ዝመስል ትዕዝብቲ ኣሎኒ።ብዝኾነ፡ፈጣሪ ዕድመን ጥዕናን ይሃበና እምበር፣ እሞ ንኩሉ  ኣብ ግቡእ መቓን ጊዚኡ ክንዛረበሉን ኢሂን ምሂን ክንበሃሃለሉን ኮነ ክንነቓቐፈሉን ኢና እብል።

“ታሪኽ፡ከይብሉኒ ኣይብልን'ዩ።እቲ ኣብ ግቡእ ጊዚኡ ዝተጽፈጸመ እወንታውን ኣሉታውን ተርእዮታትን ፍጻሜታትን፡መዓልቲ ሂብዎ፣ኣፉ ኃጎ (ሃህ) ቢሉ ብድፍረትን ብዘይሕድገትን ይዛረብ'ዩ።”-ዝብል ኣምር ብምርዓም ጽሑፋይ ክቕጽል'የ።

ንሎሚ ግን ብሓጺሩ፣ከምቲ “ካብ መፋርቕ ርብዒ ዓመተ 2001 ዓ/ም/ፈ ኣትሒዘ፣ኣብ ፖለቲኻ ኤርትራን ኢትዮጵያን-በዞም ብሓይሊ ብረት ንእንተ ሓርነት መሬትን ሥልጣንን ዓትዒቶም ዝተቃለሱ ባእታታት፣ብፍላይ ድማ ፍትሕን ደሞክራስን-በዞም ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተኮይጦም ዘለዉ ስርዓታት ፍጹም ኣይመጽእን'ዩ።”-ዝብል ካልእል ዝተሰመዓኒ ሓሳባት ደጋጊመ ብምዝራበይ ኮነ ሓሳበይ ብምግላጸይ ብዙሕ ዝዓይነቱ ኲነኔን ምግላልን መጺኡኒ'ዩ።

ሳዕቤኑ ኣዚዩ መሪርን ዕረን ብምንባሩ ኸኣ፡ብዉሕዱ ታሪኽ ክምእርርን ታሪኻዊ ቦታታትን ዑደት ኣብ ዝገበርረሉን፣ካብ መገሻታተይ ምንግልታዕን ንጊዚኡ ተኮነ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ዝኣትወሉ ዚነበርኩ ጊዚያት ተዘኪረ መጽሓፍ ሙሉእ ስለ-ዘድልዮ፣ንጊዚኡ ንታሪኽ ቢልና ጎሲናዮ ንሕለፎ እሞ ሕሉፍ ሓሊፎም ኣብ ዝኮነ ንሶም ዝቋጻጸርዎ ማዕከናት ዜናን ሓበሬታን ሓሳበይን ርእይቶታትይን ከይቃላዕ ዘይተገብረ-ዉዲትን ዘይተፋሕሰ ጉድን ኣይነበረን'ዩ።

ግን ነዚ ኹሉ ብዓቕልን ብትዕግስትን ክንሓልፎ ፈቲና ኢና።ኣምላኽ ድማ ሰናይ ፍቓዱ ኮይኑ ክነብር ኣፍቒዱ'ዩ-ኣሎ'ውን፣ንጽባሕ ድማ ሙሉእ ተስፋ ንገብር።ብሓጺሩ፣ኣብ ዘዝከድናዮ እግሪ-እግርና እናተከታተሉ ዕረፍቲ ዝነስኡናን ሓሳብናን ርእይቶናን ከይነኻፍል መካልፍን ዓስንደን ተወርዱላን ዝነበርኹም-ወልቀሰባትን ትካላት መንግስትን ትፈልጥዎ ኢኹም! ግን ደሓን ብፍቓድ ኣምላኽ ክንከይድ ንሱ ይቕረ ይበለልና እብል።ታሪኽ ግን ታሪኽ ስለዝኮነ ካብ ሎሚ ንደሓር ከም ሻሙ ኣብ ልዕለይ ዝበጽሐ በደላትን ግፍዕን ዉን ኣብ ዝበለኒ ክሓናጥጥ ክፍትን'የ።

ንሕጂ ግን ኣብ ማዕከናት ዜና ዝተነፍገኒ ደሞክራስያውን ሰብኣውን መሰለይ ኪንዮ-ኣብ ባይታ ብኢደ ዞርን ብቐጥታን ዝውንንዎን ዝቋጻጸርዎን ትካላትን ዝምእዝዝዎም ሰባትን፣ኣብ'ተን ሓውሲ ናጻ ዝበሃላን ዝመስላን ከይተረፈ ኣራኺቦምልና እዮም-በዓል ኣራኺባ! ጌጋ ተሃልዩኒ ወይ ድማ ዝጠሓስኽዎ መርሖታት ተሎ፡መርትዖ ይምጻእ እሞ ክእረምን ክመሃርን ድልው'የ።እቲ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ርኤታተይን ኣጠማምታይን ግን እምነተይን ዋልታይን ምኳኑ ከስምረሉ እረድይ።

ኣምር ደሞክራስያ ከም ኣምር መጠን ግሩም ሓሳብ'ዩ፡እዚ ኾይኑ ግን ደሞክራስን ፍትሕን ትኺቦ ወይ ናጻ ህያብ ዘይምኺኑ እቶም “ብረት ኣልዒልና፣ኣብ ፀሓይን ቑርን ተቃሊዕና፣ኣብ ህሮርማ ሾልቒ ኲነታት ኣየር ሓዲርና-ንጸላኢና ተጋዲልናን-ኣቃሊስናን ተቃሊስናን ኢና፣ ናብ ኮረሻ ስልጣን መጺና”- ትብሉ ባእታታን ጉጅለታትን፣እታ ዞፋን መንግስቲ ሓንሳብ ብዝተረያዕኩም፣በትረ ሥልጣን ብዝጨበጥኩም፣ዘውዲ፡ከም ኣኽሊል ዓወት-ኣብ ኣራእስኹም ኣብ እምባ-ዓወት ኮይኑኹም

ከም ኲፍታ ብዝወደኹም፣ተጻይ ደሞክራስን ፍትሕን ኮይንኹም፣ራዕ ኢልኹም ምርያጥኹም ዝሕዝንን ዝገርምን “ኮር-ተገልበጥ” ዘበለ ሕምብርተ ታሪኻዊ ተርእዮ ምኳኑ ወድዓዊ ኲነታትኩም ዝሕብሮን ዝምስክሮን ሕያው ኣብነት'ዩ።ስለዚ፡ከም ዉህቡን ርዑምን ወሲድናዮ ኢና።

ኣብ ጉዳይ ዓፈናን ኣምር ናጻ ፕረስን ኣድሂበ፣ብዙሕ ክብልን ክጽሕፍን ምስ ከኣልኹ ነይረ ግን ንሎሚ ናብ ፍረ-ነገረይ ከብለኹም እፈቱ።በዚ ኾነ በቲ፣ተርጊ ሰባት መጽመድ ኣጻዊዶም ዝዓጸዉልኻ ማዕጾን ዝፈጠሩልኻ ኣጻድፍን፣ፈጣሪ ካልእ ማዕጾ ዝኸፍትን መደያይቦ ዝፈጥርን ብምኳኑ ዝለዓለ ምሥጋናን ሞጎስን ይግበኦ'ዩ።ካብ ንመፈንጠራታት ዓንቐፍትን ሓለኽትን ብዙሕ ጊዜኻ ምጥፋእ-ነቲ ኲሉ ዝገብርን ዝኽእልን ልብና ከነንብር-ኣዕይንትናን ክንተኽል፣እቲ ዝበለፀ ሑርያ ምኳኑ ተረዲእና-ንቕድሚት ክሳግም፣ንላዕሊ ክንኮብዕ-ንሱ ባዕሉ ይሓግዘና እብል።ጎሲየዮ ክሓልፍ'የ።

**ንሎሚ ብዛዕባ መዝገበ-ቃላት ትግርኛ ክዛረብ ወይ ክጽሕፍ ዝቐሰበኒ ግን** ኣብ`ዚ ቕነ እዚ ዝወጸት ወይ ዝተለቐቐት ሓዳሽ ደርፊ፣ድምፃዊ ኢሳይያስ ኣረፋይነ ተኹልኺላ፣ሓንቲ ዮርዳኖስ ተኸላይ (ጓል መምህር ተኸላይ) ዝተብሃለት ሓፍትና ብዛዕባ ኣብ`ታ ደርፊ ዘሎ ቃላት ተወከሰትኒ። ከም ዝመስለኒ ድማ ~ **“ሸኾና ብተይየ! ሸኾና ብተይ ሓንሳብ ስዓምኒ መቀነይተይ!”**-ጊዲ ሃልይዋ፣ብዛዕባ ፍረ-ነገሩን ሕመርት ትርጉምን፡ እታ ~“ሸኾና-ብተይ” ትብል ደርፊ ኣድሂባ ንዝሃበትኒ ሕቶኣ መሰረት ገይረ ድማ ትርጉሙ መታን ከየጋግያ ዓሊመ- ካባይ ንዝሓሹ ሊቃውንቲ ቋንቋ ብምሕታትን ኣብ ቐረባ ዝረኸብኽዎም መዝገበ-ቃላት ብምውኻስን-ምላሸይ መለስኩላ።

**“ማዓንጣ ክራሬ !!ማዓንጣ ክራር ኣይትራእይኒ ኣብ ሞንጎ ድራር !!!**

**ኣብ ሞንጎ ነፉሲት ኣብ ሞንጎ ቢዘን !!ዕብዳን ብዕብዳኑስ ኣስመራ ሕሸን!!!!**
**ሸኾና ብተይየ!ሸኾና ብተይ ሓንሳብ ስዓምኒ መቀነይተይ!!!!!!**
**ሸኾና ብተይ**
**ሸኾና ብተይ**
**ደኒንኪ ሕለፊ ከም ጸላኢተይ።**
**ሕደጊ ሕደጊ ሸለላ ምርኣይ**
**ድኻ ከይትኾኒ በዓልቲ ብዕራይ**
**ሓያም ከይትኾኒ ሰበይቲ ሰብኣይ።**

ኣየወ 'ዚ ደርፊ ዓድና ክጥዕም።”-ዝብል ባህላዊ ደርፊ ከም ዘሎ'ውን ኣውሲአ፣ስልካዊ ወግዕና ዛዚምና ተፈላለና።

ሎሚ ምዕልቲ ድማ ድሕሪ ሰዓት ሠዓት 3 ኣቢሉ ይኸውን፣እታ ሓፍትና ብምድዋል-“መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ ደሊና እሞ ኣበይ ይርከብ፧ ኣየናይ ይሓይሽ ኲን ይኸውን፧~” ክትብል መልሻ ተወከሰትኒ እሞ ሓደ ነገር ትዝ በለኒ።እቲ ትዝ ቢሉ ዝተቐጀለኒ ኸኣ ቕድሚ ሎሚ ጀሚረ ዘወንዘፍክዎ ጽሑፋት ከም ዘለዉኒ ተሰወጠኒ።ኣብ ገሊኡ ናተይ ድኻምን ዘይምጥዕዓምን ኲነ ሓደ ሓደ ክኒካዊ ጸገማትን ዘንቐሎ እኳ ተኲነ እቲ ልዕል ዝበል ምኽንያታት`ውን ሕላገቱ ኢዩ እብል።

ስለዚ፡በዚ ምኽንያት ከኣ ነቲ ዝከኣልኹ ክቕጽሎ ምስ ነብሰይ ሳምዕ ብምግባረይ እንሆ ግዜ ከይወሰድኹ፣እንተወሓደ ሎሚ ኮፍ ቢለ ብዛዕባ ምድላው መዝገበ ቃላት ኣድሂበ- ገለ ክጽሕፍ ኣለኒ ዝብል ሓያል መንፈስ ድርዒ ኮይኑ ተደረዓኒ፡እንሆ ድማ ክሓናጥጥ ኮፍ ቢለ ኣለኹ።ቕድሚ ሎሚ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቦ ዝሓናጠጥኽዎ ጽሑፋት ድማ ከም ሻሙ ክጥቐመሉ ምኳነይ ክሕብር እደልይ።

በሉ ቕድሚ ገለ 6 ኣዋርሕ ኣቢሉ ናብ ኣንበብቲ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቦ ሓናጢጠ ካብ ዝለጠፍኽዎ፣እዚኣ ኣብ መዳይ መዝገበ ቃላት ዘድሃበት ጀባእ ክብለኩም እፈቱ።

“ ብዛዕባ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብሓፈሻ፡ብፍላይ ድማ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ ብዙሕ ሓበሬታ ዳርጋ የለን፡እዚ ስንፍና ኲልና ተገልገልቱ ኢዩ በሃሊ ኢየ።መንቀሊ ጽሑፈይ ካልእ ኢዩ።ንሱ ድማ ንመርጌታ ግርማጽዮን መብራህቱ ገለ ክጽሕፈሎም ኢለ ካብ ዝብገስ ግዜ ኣይቐለለን'ዩ።ግን ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣይተዓወተን ኣሎ።ሕጽር ሕጽር ዝበለ ጽሑፋት ኣብ ገለ ማዕከናት ዜና ክቃላሕን፡ኣብ መርበብ ሓበሬታታ ክልጠፍን፡ገይርና ነይርና ኢና፥ ኣብዚ ዝሓለፈ 13 ዓመታት ፈቲና ኢና በሃሊ ኢየ።ግን እዚ ጭራሽ እኩል ኣይኮነን ኢዩ።




መርጌታ ግርማጽዮን ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ እናሰርሑ ከለዉ ንብዙሓት ይምዕዱን ይመኽሩን ምንባሮም እፈልጥ ኢየ።ንዓና እኳ ኣብ ቤተ ንባብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብቆልዕነትና ክመክሩናን ክምዕዱናን ትዝ እብለኒ ኢዩ።ብፍላይ ድማ ቃለ መጠይቕ ኣብ ጉዳይ መዝገበ ቃላቶም ኣድሂቦም ኣብ ዘካየድሉ እዋን ብዙሕ ሰብ ይሓቶምን የበራትዖምን ምንባሩብ ተዘኺሮ ትማሊ ኢዩ።

ብዛዕባ ክቡር መርጌታ ግርማጽዮን መብራህቱ ገለ ንግበር ኢልና ምስ ክኢላ ሥነ ግጥምን ጸሓፍን ዝኾነ መሃንድስት ሓውና ሔኖኽ ተስፋብሩኽ ሓደ መዓልቲ-ኣብ መገዲ ኣውጊዕና ምንባርና እዝክር’የ።ሻቡ ድማ ምህረይ ሔኖክ ተስፋብሩኽ፡መጽሓፍ "Black Lions" ኣብ ትብል መጽሓፍ ስምን ገለ ቁንጫል ታሪኽ መርጌታ ግርማጽዮን ኣብታ መጽሓፍ ሰፊሩ ከምዘሎ ሓበረኒ።

ኣነ ግን እታ መጽሓፍ ከም ዘይፈልጣን ከም ዘይኣንበብኽዋን ሓቢረዮ ተፈላለና።ግን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ዘለዉ መሓዙተይን መቕርበይን ክደልይዋ ሓቢረ እንተኾነ ንግዚኡ ምስ ኮረና ብምትእሣር ኣቓልቦን ዕድልን ኣይገበርኩን ኣለኹ።ብዝኾነ እዛ መጽሓፍ ገበራ ኣብ ትካል መሸጣ amazon.com ሰፊሩ ኣሎ።ብንግሁኡ ንሔኖክ ከሽግሮ ብምክኣለይ ይቕረታ እናሓተትኹ፡ንምትሕባሩ ደጊመ ከመሥግኖ እፈቱ።

ኣብ’ዚ ሳልስቲ ምስ ኣዝማሪዋ ሆፕ ብጻየይ ኣብ ጉዳይ ቋንቋ ኣድሂብና ሓጺር ዕላል ኣብ ዝገበርናሉ እዋን ን 'ቋንቋ' ዝብል ቃል፡ተናኺፍና ነይርና ኢና።'ቋንቋ'፡ካብ ቋንቋ ኣገው ዝተርዓመ ምኳኑ ኣውሲኡለይ ምንባሩ እዝክር።ቅድሚ ሎሚ እውን ኣብ ጉዳይ ቋንቋን መዝገበ ቃላትን ደጋጊምና ንዕልል ብምኳና፡ስም ክቡር ኣያና መርጌታ ግርማጽዮን መብራህቱ እናሻዕ ነልዕሎ ኢና።ገና'ውን ዕድመን ጥዕናን ተሂቡና ከነልዕሎ ኢና።ክንዝክሮም ኢና እብል።

ክቡር ምህረይ ሓጎስ ፍስሃ ድማ ኣብዚ 21 ክፍለዘመን ብተገዳስነቶምን ሓልዮቶምን ጥራሕ ዘይኮነሲ ብግዚኦምን ብገንዘቦምን መስዋእቲ ብምግባር ካብ ዝዓግቡ ሓደ ንሶም ኢዮም።ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ጽሑፋትን መጽሓፍትን ብምሃብን ቅዳሕ ኣባዚሖ ብምምጣው ፈጣሪ ናይ ኢዱ ይሃቦ እናበልኹ።ኣብ ዝኽሪ መርጌታ ግርማጽዮን ሓጋዚ ተራ ከም ዝጻወት እምነተይ ጫፍ ጥርዚ ኢዩ።ነዚ መልዓልየይ፡ኣብ ጊዜ ደርጊ ሓምሻይ ክፍሊ ኣብ ዝነበርናሉ፡ጋዜጠኛታት ጋዜጣ ህብረት ህዝቢ ንምንቃሕን ንምብርባርን ኣዚዩ መሃርን ኣዘናጋዕን ጽሑፋት ይዝርግሑ ምንባሮም ኣዝክር ኢየ።

ነዚ መሰረት ገይሮም ድማ እኒ ገጣሚ ኣማኑኤል ኣስራት፣መም.ጸጋይ ነጋሽ፣መም.ኣበበ ኢያሱ፣ኣማኑኤል ሳህለ፣ኣቦና ትኳቦ ወ/ማርያም፣ብርዛፍ፣መም. ዑ/ባሕርን ካልኦትን ዕዙዝ ኣበርኽቶ ይገብሩ ካብ ዝነበሩ ገሊኦም'ዮም።ኣስማት ጋዜጠኛታት ድማ ንገሊኦም ከልዕሎም ክፍትን ኢየ።የማነ መኰነን ሊሎ፣ብርሃነ ገብረኺዳን፣ገብሩ፣ወ/ማርያም እከት፣ግራ. ተስፋይን ወዘተን ንግዚኡ እዝክር ኣለኹ።ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ምስ ሓጎስ ኣተሓሒዘ ከልዕሎ ዘለኒ ግን መንእሰይ ጠዓመ መብራህቱ ዝተብሃለ ወድ ኣርባዕተ ኣስመራ ኢዩ።

ሓደ መዓልቲ ብዛዕባ መዝገበ ቃላትን ቋንቋ ትግርኛን ኣድሂብና ከነዕልል፡ስም መብራህቱ ኣልዕልና ምንባርና ኣዝክር።"ኣበይ ኣሎ፧" ከማን ኢለዮ።ኣብ ኣዲስ ኣበበ ዝነበር ይመስለኒ ነበረ ግን ከም ሓበሬታ ሓጎስ፡ኣብ መቐለ ከም ዘሎ ኣውሲኡለይ ምንባሩ ትዝ እብለኒ።

ብዝኾነ መንእሰይ መብራህቱ ኣንባቢ ምንባሩ ይርደኣኻ ኢዩ።ከምቲ ተዋሳኣይ ማንዴላ ኣብ ሓንቲ ፊልሚ እታ ጓል ሔዋን ክትሕጎሰሉ ቢሉ "ኣንባቢ እኮ ነኝ!" ዝበሎ ዘመነ ግርንቢጥ ኮይኑ ዘሎ ሎምዘመን ዘይኮነሲ ኣብቲ ሓቀኛ ኣንበብትን ጸሓፍትን ዝነበርሉ ዝነበረ፡ንፉዕ ኣንባቢ ምንባሩ ሽዑ ዝጸሓፎ ርእይቶ ዝምስኽሮ ሓቂ ኢዩ።

እቲ መብራህቱ ዝጸሓፎ ሓደ መዓልቲ ረኺበ ከቕርቦ ክፍትን ኢየ።ግን ንኣዳላዊ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ ዝኾኑ መር. ግርማጽዮን ዝጸሓፎ ብምኳኑ ድማ ድርብ ዝክሪ ኮይኑኒ'ሎ።ኣብ ታሪኽ መዝገበ ቃላት እጃሞም ሰፍ ዘይብል ንሪሞም ተረማሪሞም'ዮም እብል።”-
=
ምስ ደራስን ፀሓፍን ዘነበ ወዝቢ ኣብ ሓደ ቤተ መፅሓፍቲ ሎሚ ተራኺብና።ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኢዩ።ኣጋጣሚ ሎሚ ድማ ምስ ድምጻዊ ተስፋይ መንገሻ፡ምስ ካልኦት ክልተ ህቡባት ሰባትውን ወዝቢ ብምርኻበይ ከም ዕድል ኢዩ ኮይኑኒ።

ሎሚ ብዛዕባ እቶም ዓቢይ መምህርን ምሁር ቋንቋ ትግርኛን ዝኾኑ፡ነታ ኣቶ ተክአ ዘዳለዋ ዓባይ መዝገበ ቓላት ትግርኛ-ብትግርኛ ዘዳለዋ፡ደርማስ ግብኣትን ኣስተዋጽኦን ዝገበሩ፡መምህር ሃብተ ዘርአ፡ኣልዒልና ኢሂን ምሂን ተባሂልና ኢና።ለካ ስምን ታሪኽን ገባሪ ጽቡቕን ዉዕለትን ኣይርሰዓን ኢዩ።መምህር ሃብተ ዘርአ ካብቶም ዓበይትን ሕፉራትን መምሃራን ምድረ ሓበሻ ሓደ ኢዮም።

ቤት-ትምህርቲ ንግሥተ ሳባ፡ፈለማ ኣብ ዝተኸፈተሉ እዋን፡ማለት ኣብ 1940ታት (ኣብ 1934 ዓመተ ምሕረት ምድረ-ሓበሻ)፡ ካብ ኤርትራ ብፍላይ ካብ ኣስመራን ተዛመድቲ ከተማታትን ምሁራት ይመጹዋ ነበሩ።ካብ’ቶም ኣብ ከተማ ዓድዋ ኣብ’ቲ እዋንን ብድሕሪኡን ዚነበሩ ህንዳውያን ይኹኑ ሱዳናውያን ኰነ ካልኦት ምዕራብያውያን ምሁራት ዝርኸብዎም፡ከም መምህር ሃብተ ዘርአ ዝኣመሰለ፣ መስሓቅን ለዋህን ዳርጋ ኣይነበረን ኢዩ ክበሃል ይከኣል’ዩ።




ካልእ ጊዜ ብዛዕባ መምህር ሃብተ ዘርአ ኣብ ግዜ ምምሕዳር ወትሃደራዊ መንግሥቲ ኢንግሊዝን ኣብ መቃን ጊዜ ጃንሆይን ዝጸሓፍዎ ጽሑፋትን ገለ ካብ ግጥምታቶምን ይኹን ካብ ተምሃርኦም ነበረ ዘውግዑኒ ተጓንፎታቶምን ዘዘኪረ ክጽሕፍ'የ።

=(እዛ ስእሊ መምህር ሃብተ ዘርአ ዓንሰበታይ፡ዝሃበኒ ክቡር ዶ/ር ጨፈና ሃይለማርያም ዝሃበኒ'ያ።ብልቢ ድማ ከመስግኖ እፈቱ ንእግረ-መገደይ ድማ)

ኣብዛ ኣስታት 20 ዓመት ከም ዝወሰደትሉ ዝሓበረኒ፡መፅሓፍ ንታሪኽ ዶ/ር ተወልደ ገብረዝጋብሔር ትድህሥ ምኳናን፡ኣብ ቀረባ መዓልታት ናብ ኣንበብቲ ከም ትቐርብ ጸዊዩኒ ኢዩ።

# ዶ/ር ተወልደ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣሥመራ ፕረዚደንት ኮይኖም ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን፡ንዕቤት ቋንቋ ትግርኛ እጃም ገይሮም'ዮም።ኣብ ቤት-ትምህርት ንግሥተ-ሳባ ተምሃራይ ኣብ ዝነበርሉ ኣብ 1940ታት ድራማ ይሰርሑ ነበሩ።ሆመር ዕውር ዝብል ሳጓ ነበሮም።




ኣባሓጎኦም ክቡር ሃለቃ ተወልደመድህን፡ኣብ ምትርጓም መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ ልዑል እጃም-ካብ ዝገበሩ ሓደን ቀላስን ኢዮም ነይሮም።እዛ መጽሓፍ ብዙሕ ሓበሬታን ተመኽሮ-ሓደ ምሁር ከተመሓላልፍ ተስፋይ ወሰን የብሉን'ዩ።ኣነ ኸኣ እዛ ~"የምድራችን ጀግና~" እትብል መጽሓፍ ደራሲ ዘነበ ወላ ዝኹነት፣ኣብ ዕዳጋ ወሪዳ ናብ ሕዝቢ ምስ ተዘርገሐት፡ርእይቶይን ሓሳበይን ክፍስሰላ ኢየ።"- 7 ግንቦት 2019 ዓ/ም/ፈ

ሓጺር ሓበሬታ ታሪኽ መዝገበ ቃላት ቋንቋ ትግርኛ- ካብ ቕድሚ ሓደ ዘመን ኣቢሉ ክሳዕ ሎም-ዘመን ዘሎ!

ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ጥልያን ኣብ ምድረ ሓበሻ ፤ "ዲ ሴናርዮ ዴላ ሊንጓ ትግራዋይ" (መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብቋንቋ ትግራዋይ) ዝተሰምየ መዝገበ ቃላት ፤ ብቋንቋ ጥልያንን ትግርኛን ብ ካህን ፍራንቸስኮ በዓል ባሳኖ ኣብ 1918 ኣቈጻጽራ ጐርጐርዮስ ፤ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣስመራ ተሓትመ!

ድሕሪ 'ዚ ባብ ምኽፋቱ ፥ ዓበይቲ ኣገደስትን መዛግብቲ ቃላት መዓሰይ ብመን ተጻሕፉ፧

- መዝገበ ቃላት ትግርኛ-ኣምሓርኛ -ኣባ ዮሓንስ ገብረዝጋብሔር በዓል ሒቦ-ቤተ ማሕተም ኣርት ግራፊከ ኤሪትረያ 1948 /1956 ግእዝ- ኣስመራ-ኢትዮጵያ።

- መዝገበ ቓላት መርሓ-ሕጻናት-ብኣቶ በርሀ ወልደማርያም-1960 /1967/8 ዓ/ም/ፈ ኣስመራ-ኢትዮጵያ።



- ልሳነ ኣግኣዚ ዘእምግርማ-መሪጌታ ግርማጽዮን መብራህቱ 1976/1983/4 ዓ/ም/ፈ -ኣስመራ-ኢትዮጵያ (ንፈለማ ጊዜ ብቋንቋ ትግርኛ ብትግርኛ መዝገበ ቃላት ብርኃን ሕትመት ዝረኣየት መጽሓፍ እያ።)

- መዝገበ ቃላት ትግርኛ-ዓረብ-እንግሊዝኛ ህ.ግ.ሓ.ሌ ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ 1976/1984 ዓ/ም/ፈ ዝተዳለወ`ያ።




- ተከአ ተስፋይ-ዘመናዊ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ኣብ መጀመርታ ወርሓት 1999 ዓ/ም/ፈ

ኣስመራ-ኤርትራ።

- መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ -ብኣካዳሚ ቋንቋታት ኢትዮጵያ፣ኣብ

1989/1996/7 ዓ/ም/ፈ፣ብእኩብ ድምር ጻዕርን ሒለትን 6 ዉልቀ-ሰባት ዝተዳለወ- ኣዲስ ኣበባ።ኣረይቲ ቃላት-ክልተ ደራስትን ጸሓፍትን ዝኮኑ- መምህር ገብረኺዳን ደስታን መምህር ኣስረስ ተሰማን ተላፊኖም ዝዓመምዎ ዕዮ'ዩ።

- ኪዳነማርያም ዘርእዝጊ (ዶክተር) ዘመናዊ መዝገበ ቓላት ብሓዲስ ብልሓት 2008ዓ/ም/ፈ - ኣስመራ-ኤርትራ።

- ተኪኤ ተስፋይ - ምዕቡል መዝገበ ቃላት ትግርኛ - እንግሊዝኛ 2012ዓ/ም/ፈ - ኣስመራ-ኤርትራ።

- መዝገበ ቃላት ትግርኛ -ዶ/ር ካሳ ገ/ህይወትን ዶ/ር ኣማኑኤል ጋንኪን 2000/2011 ዓ/ም/ፈ -ኣዲስ ኣበባ-ኢትዮጵያ ብርሃን ሕትመታ ረኸበት።




ካልኦት ሓያሎ መዝገበ-ቃላት ትግርኛ ፡ምስ ካልእ ቋንቋታት ወጸኢ፥ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ከም ዝተዳለዉ 'ውን ዝፍለጥ'ዩ። እዛ ብዶክተር ዳንኤል ተኽሉ ዓውዳዊ መዝገበ ቃላት ትግርኛ 2011/2018 ዓ/ም/ፈ -ኣብ ከተማ መቐለ፣ ልዕሊ 65 ሽሕ ቃላት ትግርኛ ዝሓዘት መጽሓፈ መዝገበ-ቃላት፣ናብ ኣንበብቲ ናብ ዕዳጋ ቀሪባ ኣላ።

እዚ ነቲ ልዕሊ 10 ሚልዮን ዝግመት ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝኮኑ ብቐንዱ ንተመራመርቲ ቋንቋ ትግርኛ ድማ ደርማስ ፍናን ዝህብ፣ንዕብየትን ምዕባለን ቋንቋ ትግርኛ ኸኣ ነጥበ-መቐይሮ ክኸውን ልዑል ተስፋ ዘንብር`ዩ።
=

ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ብዛዕባ ክቡር መሃንዲስ ተከአ ተስፋይ ኣድሂበ ኣብ ገፅ ማሕበራዊ መራኸቦይ-ቕድሚ 6 ዓመታቢሉ ይገበር-ካብ ዝሓናጠጥኽዎ ናባኩም ኣቢለ ንሎሚ ክፍለየኹም እፈቱ።

"ኣቶ ተከአ ተስፋይ ብሞይኡ መሃንዲስት'ዩ።ካብ`ቶም ልሉያት ደራስን ጸሓፍን ኤርትራ ዝኮነ መሃንዲስ ተከ'ኣ ተስፋይ-ኣብ ወልቃይት ፀገደ ኮይኖም ዕዮ ምህንድስናዊ ስርሖም እናዓየዩ፣ ነዚ ሓሳብ ተጊሆም ክዓምሉ ከም ዝተበገሰሉ እሰምዕ ነይረ እየ፣ሓቂ ምኻኑ ከኣ ካብ ኣንደበቶም ረኺበዮ።እዚ ድማ ኣብ መስኮት መደበር ተለቪዥን ኤርትራ (ቲቪኤረ) ቀሪቦም፣ ቕድሚ ገለ ዓመታት ኣብ ዝሃብዎ ሓጺር ቓለ መጠይቕም ክዕዘብ ክኢለ'የ።

ዋላ እኺ እቲ ቐንዲ ዝፍለጥሉን ዝልለይሉን ዓውደ-ሞያ ኣብ ዓውዲ ምህንድስና ተኰኑ ኣብ ጽሑፍን መዝገበ ቃላትን ኸኣ ቐላሲ ተራ ብምፍጻሞም፣ኣብ ዝርዝር ደራስትን ጽሓፍትን ብቐንዱ ዝምደቡን ዝልለዩን'ዩ ኣርካን እዮም።ኣብ መዳይ ዕቤት ቋንቋ ትግርይና ግና ልዕሊ ይምልከተና ዝብሉን ዝበሃሉን ኰነ ሰብ ሞያን ኢና ዝብሉ ዝነጥፉ ኣብነታዊ ሰብ ምኻኖም ዝንገሮም ወ ዝጽሓፈሎም ባእታ'ዮም።



ኣዳላዊ መዝገበ ቃላት ኢንግሊዘይናን ትግርይናን ዝኾኑ ክቡር ኣቦና ተከአ ተስፋይ ምስኽር ወረቐት እናተውሃቡ፣ ቕድሚ 3 ዓመት ተርእይ ስእሊ'ያ።
እታ ዓባይን ፍልይትን መዝገበ ቃላት ኣብ 1999 ወይ ከኣ ኣብ 1991ኣብ ከባቢ ቕነ ኩናት ባድመ ብልሙድ '2ይ ወራር' ተባሂሉ ዝፍለጥ ክትምረቅ ትዝ ይብለኒ'ዩ።

→ **(ካብ ገጸት ሻባይት ቕድሚ 6 ዓመት ዝረኸብክዋ ስእሊ ኢያ።)**

እታ ካል'ኣይቲ ዘዳለዉዋ መዝገበ-ቃላት ኸኣ- ኣብ 2013 ዓ/ም/ፈ ክትምረቕ ከላ፡ ኣብ ረቂቕ ቕዳሕ (ሶፍቲኮፒ) መልክዕ፣ ኣብ ሞባይላት ከይተረፈ ናብ ሕዝቢ ተዘርጊሓ እያ።ሓሽከት ተጠቀምቲ ድማ ዕግበቶም ከገልጹ ተራእዮም'ዮም።ብፍላይ ድማ እቶም ኣብ ኤርትራ፣ ኣብ ደገ እንተላይ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት እዛ ሃገር ከም እኒ ከተማ መቐለን ዝኣመሰላን መሰልታን፣ነቲ ሶፍቲ ኮፒ ዝረኸብዋ ዘበሉ-ንጥቕሚ ኣገልግሎት እታ መዝገበ-ቃላት ሚሒር ከም ዘድነቅዋን ኣብ መዓልታዊ ስርሓውቶም ዕዙዝ ግደ ትጻወት ዘላን ዝገልጹ ባእታታት ብርኸት ዝበሉ`ዮም።

እቲ ዝህብ ይባረኽ ከም-ዝበሃል፣እቲ ንዓይ ዝሃበኒ ተስፋሥላሴ ገብረኣነኔያ ብጻየይ`ዩ (ካብ መምህር ሙሉወርቅ ኪዳነማርያም ብምቕባል ዘካፈለኒ)-ካብ ልቢ ኤመስግን።ኣነ'ውን ንብዙሓት እታ ረቓቕ-ቕዳሕ (ሶፍትኮፒ) ኣብ ዝትይቑኒ እዋን መጢየያ እየ።ኣብ ቋንቋን ሥነ ቋንቋን ኣድሂቡ ዝግደስ ዘበለ ክረኽባ ዘለዎ ዓይነታዊ መዝገበ-ቃላት እያ ዝብል ጽኑዕ ኣምነት ኣለኒ።”

ምሥጋና፡

- ✓ ንኹሎም ዝተሓበበሩኒን ዝደገፉንን፣
- ✓ ንጋዜጠኛን ገጣምን ተስፋሥላሴ ገረኣኔንያ፣
- ✓ ንኣራሚ ጽሑፍን ተመራማሪ ሥነ-ግጥምን ሔኖኽ ተስፋ ብሩኽ፣
- ✓ ንምህረይ ሓጎስ ፍስሃ፣
- ✓ ነተን ኲለን መዝገበ-ቃላት ክረኽበን ኰነ ከንብበን ዝተሓባበርኩምኒን ይኹን እብል።